Tigrinja

Faktablad för arbetssökande – Arbetspraktik

2017-02

# ስራሕ ተልመዲን

ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ሰራሕ ልምምድ ክትገብር ትደልይ’ዶ? ናይ ስራሕ ሂወት ተመክሮ ክትድልብን ስራሕ ንምርካብ ዕድላትካ ከተደንፍዕን ትደልይ’ዶ? ከምኡ እንድሕር ኮይኑ ናይ ስራሕ ልምምድ ንዓኻ ቅኑዕ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንድሕር ኣብ ናይ ሽወደን ናይ ስራሕ ዕዳጋ ተመክሮ ዝሓጽረካ ወይ እኹል ተመክሮ ዘይብልካ ኾይኑ፣ ናይ ሞያ ብቕዓትካ ከምዝግምገመልካ እውን ክግበር ይከኣል እዩ።

## ስራሕ ተልመዲን እንታይ እዩ ትሕዝቶኡ?

ስራሕ ተልመዲን ምእንቲ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ሞያ ምልላይ፡ ናይ ሞያ ልምምድ፡ ናይ ስራሕ ሂወት ተመክሮ ወይ ነቲ ናይ ሞያ ብቕዓትካ ከተዐቅብን ከተደንፍዕን ክትፍትን ማለት እዩ። ናብ ናይ ንግዲ ንጥፈታት ንኽትጅምር ክቐራርበካ ዝኽእል ናይ ስራሕ ልምምድ እውን ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ።

## ሓደ ናይ ልምምድ ቦታ ስራሕ ንኽትወሃብ እንታይ እዩ ዘድልይ?

ስራሕ ንኽትረክብ ኣየኖት ቅድመ ኩነት ከምዘድልዩኻ፣ መራኸቢ ስራሕካ እዩ መጀመርያ ዝግምግም። እቲ መራኸቢ ስራሕ ካብቲ ናትካ ተምክሮታትን ካብቲ ንስኻ እትደልዮ ዓውደ ስራሕን እዩ ዝብገስ፡ ግን ነቲ ዘሎ ናይ ዕዳጋ ቁጠባዊ ኩነት እውን ኣብ ግምት የእትው እዩ።

ካብኡ ሓሊፍካ እውን ሓደ ሓደ ካብ’ዞም ዝስዕቡ ከተማልእ ኣለካ፡

- ዕድመኻ ብዝተሓተ 25 ዓመት፡ ከም ደላይ ስራሕ ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ ምዝጉብን ከምኡ’ውን ስራሕ ኣልቦ ኢኻ ወይ ንኽክትከውን ኣብ ሓደጋ ኣሊኻን
- መንእሰይ ኢኻ ከምኡ’ውን ንናይ ስራሕ ዓቕምኻ ዝዕንቅፍ ናይ ኣካል ስንከላ እልዩካ
- ዕድመኻ 18 ኾይኑ ከምኡ’ውን ካብ ዕዳጋ ስራሕ ርሒቕካ ኣለኻ
- ዕድመኻ 20 ኾይኑ ኣብ ናይ ትምህርቲ ውዕል እትው ዝኾንካ
- ኣብ ንሓደሽቲ መጻእቲ ወጻእተኛታት ናይ መትከል እግሪ ወፈራታት እትው ዝኾንካ
- ኣብ ናይ መንእሰያት ናይ ስራሕ ውሕስነት ወይ ኣብ ናይ ስራሕን-ናይ ምዕብልናን ውሕስነት ትካፈል

## ናይ ስራሕ ልምምድ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ናይ ግልን ናይ መንግስታውን ወሃብቲ ስራሕ ናይ ስራሕ ልምምድ ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ።

# ንኽንደይ ግዜ እየ ናይ ስራሕ ልምምድ ክወሃብ ዝኽእል?

ብዝለዓለ ንሽድሽተ ወርሒ ናይ ስራሕ ልምምድ ኢኻ ክትወሃብ ትኽእል። እንድሕር ኣብ ናይ መንእሰያት ናይ ስራሕ ውሕስነት ተሳቲፍካ ኾይንካ እቲ ናይ ስራሕ ልምምድ ብዝለዓለ ንሰለስተ ወርሒ እዩ።

# ገለ ክፍሊት ክረክብ ድየ?

ናይ ስራሕ ልምምድ ክትገብር እንኮለኻ ናይ ንጥፈት ደገፍ ወይ ናይ ምዕብልና ክፍሊት ክትወሃብ ትኽእል ኢኻ፣ እቲ ክፍሊት ካብ ካሳ ውሕስነት እዩ ዝኽፈል፡ ከምኡ'ውን ንሶም እዮም ጸብጻብ ገይሮም ብዛዕባ ክፍሊት ዝውስኑ። ብዝያዳ ኣብቲ ናይ ካሳ ውሕስነት/forsakringskassan.se ቈጽሊ ሓበሬታ፣ *ናይ ንጥፈታት ደገፍን ናይ ምዕብልና ክፍሊትን* ኣንብብ።

እንድሕር ንናይ ስራሕ ልምምድ ወፈያ ኣይፋል ኢልካ እቲ ክፍሊት ከተጥፍኦ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ'ውን ዝካየድ ዘሎ ናይ ስራሕ ልምምድ እንድሕር ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ኣቋሪጽካ፣ ክፍሊትካ ክቃረጽ ይኽእል እዩ።

# ውሕስነት ኣለኒ'ዶ?

ናይ ስራሕ ልምምድ ክትገብር እንኮለኻ ውሕስነት ኣለካ፣ ከምኡ'ውን ናይ ውልቃዊ ማህሰይትን ናይ ጉድለ ሂወት ውሕስነትን ከኣ ዘጠቓልል እዩ። እንድሕር ኣብቲ ኩባንያ ገለ ነገር ኣበላሺኻ እውን እቲ ወሃብ ስራሕ ካብ መንግስቲ ክፍሊት ክረክብ ይኽእል እዩ። ብዝያዳ ኣብ arbetsformedlingen.se ኣብቲ ቈጽሊ ሓበሬታ ናይ ኣብ *ፍሉይ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ፖለቲካዊ መደብ ውሕስነት መሸፈንን፣ ናይ መድሕን ምብጻዕ ሓላፍነትን፣* ኣንብብ።

# ኣየኖት እዮም ካልኦት ቅድሚ ኩነት ነዓይ ዝምልከቱ?

ካብ'ቲ ሕጊ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታት ብምብጋስ፣ ናይ ስራሕ ልምምድ እትገብር ከም ስሩዕ ሰራሕተኛ ኣይትቑጸርን ኢኻ። ግን ሓደ ሓደ ካብቲ ሕግታት ይምልከተካ እዩ። ብዝያዳ ኣብ ቈጽሊ ሓበሬታ *ናይ ወሃብ ስራሕ ሓላፍነት ኣብ ናይ ሰራሕተኛታት ጥዕና* ኣንብብ።

# ናይ ሞያ ብቕዓት ምግምጋም እንታይ እዩ?

ናይ ሞያ ብቕዓት ምግምጋም ማለት፡ እንድሕር ተመክሮ ዘይብልካ ወይ ኣብ ናይ ሽወደን ናይ ስራሕ ዕዳጋ ዝኣክል ተመክሮ ዘይብልካ ኾይንካን ኣብቲ ግዜ ናይ ስራሕ ልምምድ ናይ ሞያኻ ብቕዓት ይግምገም። እቲ ገምጋም ስራሕ ክትደልይ እንኮለኻ እዩ ዝጠቕመካ።

ናይ ሞያ ብቕዓት ምግምጋም ኣብ መንጎ ሓደ መዓልትን ሰለስተ ሰሙንን ክወስድ ይኽእል እዩ። ናይ ሞያ ብቕዓትካ ኣብ ዝግምገመሉ እዋን፣ ኩሉ ግዜ ሓደ ገላዊ ተሓጋጋዚ በዓል ስልጣን ትወሃብ። ንሱ ወይ ንሳ ናይ ምግምጋም ሓላፍነት ኣለዎም።

## መን እንታይ ይገብር?

ብዛዕባ ናይ ስራሕ ልምምድ ወይ ብዛዕባ ናይ ሞያ ብቕዓት ምግምጋም ዝያዳ ክትፈልጥ እንድሕር ደሊኻ ምስ ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ ርክብ ግበር። እንድሕር መራኸቢ ስራሕካ ናይ ስራሕ ልምምድ ክትረክብ ኢኻ ዝብል ገምጋም በጺሑ፣ ደሓር ብሓደ ኾይንኩም ነቲ ናይ ስራሕ ልምምድ መደብ ተውጽኡሉ።
ቅድሚ እቲ ናይ ስራሕ ልምምድ ምጅማሩ እቲ መራኸቢ ስራሕ ምስ'ቶም ናይ ማሕበር ሰራሕተኛታት እውን ይዛረብ እዩ። ኣብቲ ግዜ ናይ ስራሕ ልምምድ ንናይ ምክትታል ዝርርብ፡ ናይ ስራሕ ምድላይ ንጥፈታት ወይ መምርሒ ንኽትወሃብ ክትጽዋዕ ከምእትኽእል ቅሩብ ክትከውን ኣለካ።

እቲ ናይ ስራሕ ልምምድ ምስ ተወደአ ካብ'ቲ ናይ ስራሕ ልምምድ ቦታ ምስክር ወረቐት ክትወሃብ ኢኻ። ኣብቲ ምስክር ወረቐት፣ ኣብ ቦታ ናይ ስራሕ ልምምድ እንታይ ዓይነት ተመክሮታት ከምዝቐሰምካ ይሰፍር። እንድሕር እቲ ናይ ሞያ ብቕዓትካ ንኽግምገም ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ልምምድ እትው ኮይኑ፣ ገምጋም ዝሓዘ ምስክር ወረቐት ትወሃብ።

## ሕግታት

ሕጊ (2000፡625) ብዛዕባ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዕዳጋ ስራሕ
መምርሒ (2000፡634) ብዛዕባ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዕዳጋ ስራሕ
መምርሒ (1996፡1100) ብዛዕባ ናይ ንጥፈታት ደገፍ

እንድሕር ዝያዳ ክትፈልጥ ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ ቁ.ስ 0771-416 416 ደውለልና።
እብቲ ነዓኻ ዝቀረበ ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ስራሕ እውን መጺእካ ክትረኽበና ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ኣብ መርበብ ብዙሃን arbetsformedlingen.se እቶ።